# <u>ማሕበር ልምዓት ኢሮብ(Irob Development Association)</u>

**<u>በናይ ስራሕ መዘርዝር</u>**

**<u>መደብ ስራሕ: ቤ/ ፅ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ስራሕ መካየዲ</u>**

**<u>ተፀዋዕነት - ን ማልኢ ቦርድ ዳይርክተር</u>**

**<u>ሓፈሻዊ ሓላፍነት</u>**

ሓፈሻውን ዝርዝር ዕላማታትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ኩሉም መዳርግቲ ኣካላት ብቕንዕናን ብትግሃትን ብምስራሕ ምስኽያም፤ ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ፅቡቕ ርኽብ ብምፍር ናይ ማሕበር ሽምን ታኣማንነቱን ግልፅነትን ምርግጋፅ፤ ኣብ ደገን ውሽጢ ዓድን ዘለዉ ኢሮቦት ብምስምዕማዕ ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ክጠናከር ምግባር፤ ኹሉም ተወለድቲ ኢሮብ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብምግባር:: እዚ ማሕበር ኣብ ሕድሕድ ገዛ ኽህሉ ምግባር፤ ዝተፈላለዩ ናይ እቶት መታኣኽኺቢ መድረኽትን ፕሮጀክታትን ብምድላው እቶት ማሕበር ብምዕባይ ህዝቢ ኢሮብ ድኽነት ንምጥፋእ ኣብ ዝገብሮ ፃዕሪ እዛ ማሕበር እጃማ ኽትዋፃእ ምፅዓር፤ ኣብ ኢሮብ ህዝቢ ዝስርሑ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ምድጋፍ፤ ባህልን ቃንቃ ህዝቢ ኢሮብ ክዕቀብ ኣበረቲዕካ ምስራሕ፤ ፅሬት ት/ ቲ ብምርግጋፅ ኢሮብ ብትምህርቲ ሞዴል ክትከውን ምፅዓር።

**<u>ዝርዝር መደብ ስራሕ</u>**

1. ናይ ማሕበር ዝንቀሳቀስን ዝንቀሳቐስን ንብረት ብሕግን ኣሳራርሓን መሰረት የማሓድር ድሕንነቱም የረጋግፅ
2. ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቤት ፅሕፈት የማሓድር
3. ብቦርድ ዳይርክተር ብፅሑፍ ምስተፈቀደሉ እዚ ማሕበር ምስ ሳልሳይ ወገን ዝገብሮም ውዕለትን ካልኦት ርክባትን ነዚ ማሕበር ወኪሉ ይሰርሕ
4. ናይ ማሕበር ዓመታዊ ትልሚ ኣብ ማ.ል.ኢ ናይ 5 ዓመት ስትራተጅክ ትልሚ መሰረት ገይሩ የዳሉ ብቦርድ ምስ ፀደቐ እንትፍቀድን ተግባራዊ ይገብር
5. ናይ ማሕበር ቤት ፅሕፈት ባጀት ተዳሉ ብቦርድ ምስ ፀደቐን ብቦርድ እንትፍቀድን ተግባራዊ ይገብር
6. ንናይዚ ማሽበር ዕላማ ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ እቶት ዘርክቡ ፕሮጀክታት ኣዳልዩ ንቦርድ ዳይርክተር እዋናዊ ሓበሬታ ይህብ
7. ናይ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛታት የማሓድር
8. ነዚ ማሕበር ስራሕ ከሳልጡን ዘበናዊ ኣሳራርሓ ኽህልዎ ዝገብሩ መምርሒታት የዳሉ እንትፀድቐ ተግባራዊ ይገብር
9. ብዛዕባ እዚ ማሕበር እዋናዊ ፀብፃብ ንቦርድ ዳይርክተር የቕርብ
10. ባጀት እንተሃልዩ ዘድልዮ ናይ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛታት ንምቑፃር ሕቶ ንቦርድ ዳይርክተር የቕርብ ምስተፈቐደሉ ተግባራዊ ይገብር
11. ብመምርሒ መሰረት ሒሳብ ማሕበር የንቀሳቕስ
12. ናይ ሰራሕተኛታት ማሂያን ጥቕማጥቕምን ብቦርድ ዳይርክተር ወይ ብወኪሉ ምስተፈቐደሉ ክፍሊት ይፍፅም
13. ኣብ ውሽጥን ወፃእን ዝርከብ ጨናፍር ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ስራሕቲ ንኽሳለጥ ኩነታት የማቻቹ ክፍሊት ብእዋኑ ኣታዊ ደረሰኝ ተቆርፁሉ ኽኣቱ ይገብር
14. ኣባላት ማሕበር ክበዝሑ ኹሉ ዓይነት ድጋፍ ይገብር ናይ ማሕበር ውዳቢታት ኽጠናኸር እዋናዊ ኣኼባን ሪፖርትን ኽገብሩ ግብረ መልሲ ኽዋሃበን ይገብር
15. ናይ ማሕበር ሰነዳት ብኣግባቡ ይሕዝ
16. ናይዚ ማሕበር ሒሳብ ኣታሓሕዛ ቅቡል ብዝኾነ ኣካይዳ ክኸይድ ይገብር

17. ናይ ቦርድ ኣኼባ ፃሓፊ ኾይኑ ቃለ ጉባኤ ብኣግባቡ ኽተሓዝ ይገብር ናይ ቦርድ ውሳኔታት ብእዋኑ ተግባራዊ ክኾውን ይገብር
18. ናይ ጨንፈር ኮሚቴታት ሒሳብ በብዓመቱ ብውሽጢ ኦዲተራት ተመርሚሩ ንኣባላት ኽእወጅ ኩነታት የማቻቼ
19. ምስ ወረዳ ሲሮብን ኹሉም መንግስታዊ መሓውራት ፅቡቕ ርኽቢ ብምፍጣር ማሕበርና ንልምዓት ሓጋዚ ከምዝኾነ ብተግባር ኽርእዩ፤ ኣብ ወረዳ ሲሮብ እንሰርሖም ስራሕቲ ብቤት ምኽር ወረዳ ሲሮብን ብፈፃሚት ስራሕ ወረዳ ሲሮብን ክፍለጡን ክፀድቁን ይገብር
20. ናይዚ ማሕበር ስራሕ ፍቃድ በብኽልተ ዓመቱ ክሕደስ ይገብር
21. ናይ ማሕበር ሒሳብ ብናይ ደገ ኦዲተር በብዓመቱ ብሕገ ደብና መሰረት ኽምርመር ይገብር
22. ናይ መንግስቲ ግብሪ ብእዋኑ ኣታዊ ይገብር
23. ኣብ ቦርድ ኣኼባ ብዘይ ድምፂ ይሳተፍ
24. እንትስቀቐ ሒሳብ ብደገ ኦዲተር ኣመርሚሩ የረክብ
25. ባህልን ቃንቃ ህዝቢ ሲሮብ ክዕቀብ ሰበረቲው ይሰራሕ፤ ከሙኡ እዉን ፅሬት ት/ ቲ ንምርግጋፅ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዋዕላታት ይሳተፍ ።
26. ብቦርድ ዳይርክተር ዝዎሃቡዎ ካልኦት ተወሰክቲ ስራሕቲ ይሰርሕ

## <u>ተደላይ ኽእለታት</u>

- ኣፍልጦ ብዛዕባ ዘይመንግስታዊ ዘይመተረፍት ትካላትን ነዚኤን ንኽማሓድር ዝወፀ ናይ ሃገርና ሕግን
- ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ምድላውን ተግባራዊ ምግባርን ክእለት
- ዝተፈላለዩ ወሃብት ሓገዝ ዝህብዎ ገንዘብ ኽተማሓድርን ብእዋኑ ሪፖርት ምግባርን ክእለት
- ፅቡቕ ርክብ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ምምስራት ክእለት
- ገንዘብ ብሰርዓት ናይ ምምሕዳር ክእለት ብመሰረት ናይ ሃገር ሕግን ናይ ሓገዝ ዋሃብ ትካላት ድሌት መሰረት
- ኣብ ዘተበታተነ ቦታ ምስ ዝነብሩ ዝተፈላለዩ ድሌትን ዝንባሌን ዘለዎም ሰባት ናብ ሓደ ኣምፅእኻ ናይ ምስራሕ ክእለት
- ሰዓት ከይተፀባፀብካ ናይ እግር ጉዕዞውን ሓውስካ ምሽትውን ኣምስኻ ንምስራሕ ድልውነት ምህላው
- ንቦርድ ኣማራርሓ ተፀዋዕን ተሓታትን ንምኽን ድልዮትን ድልውነትን
- ብዘይካ ሕገ ማሕበር ንኽልኦት ብጎኒ ዝመፁ ምስ ሕገ ደንብና ዝፃረሩን ማሕበርና ክብትኑ ካብዝኽእሉ ዝንባለታትን ድፍኢታትን ነፃ ሙኻንን ድልዮትን ድልውነትን ክእለት

## <u>ወሳኒ ተደላይ ኽእለታት</u>

- ስነምግባር ቕንዕና ካብ ዝኾነ ይኹን ፅልዋ ነፃ ሙኻ̄ን (Autonomy Discipline & Adaptability)
- ተወፋይነት(Diligence)
- ጠንካራ ናይ ድፕሎማሲ ኽእለት (Strong Sense of Diplomacy, Sociability & Inter Personal Communication)

## <u>ስራሕ ልምድን ደረጃ ትምህርትን</u>

-ብናይ ሕብረተሰብ ሳይንስ ይኩን ተፈጥሮ ሳይንስ እንተነኣሰ 1ይ ዲግርን ልዕሊ 8 ዓመት ተዛማዲ ስራሕ ልምድን

- ፕሮጀክትታት ናይ ምድላው ክእለት፣ ናይ ኮምፕዩተር ክእለት

- ፅቡቕ ናይ እንግሊዘኛ ክእለት ዘለዎ ከሙኡ እዉን ሳሆ ክናገርን ክርዳእን ዝክእል